# ዲሞክራስያዊት ኤርትራ


ብሓልዮት ቤ/ጽ ዜናን ባህልን ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
ዝዳሎ ሰሩዕ መጽሔት

ሕታም ቁ. 2 ግንቦት-ሰነ 2024


## ትሕዝቶ መጽሔት


- ርእሰ ዓንቀጽ፡ ዝኽሪ ሃገራዊ ናጽነት ኤርትራ
- ቃል ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ብኣጋጣሚ መዓልቲ ናጽነት
- ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ግሃድኤ ኣብ መድረኽ "ዘተ ንሓባራዊ ንቕሓት" ዘካየዶ ሰሚናር።
- ካልኣይ ክፋል ኣብ ጉባኤ ካብ ዝቐረበ ፖለቲካዊ ጸብጻብ
- ውድባዊ ንጥፈታት




## *ርእሰ ዓንቀጽ*

# *ዝኽሪ መበል ሳላሳን ሰለስተን ዓመት ሃገራዊ ናጽነት ኤርትራ*

*ኤርትራ ሃገርና ልዑላውትን ናጻን ሃገር ካብ እትኸውን፡ እንሆ ሳላሳን ኣርባዕተን ሕስመ ዓመታት ኣቑጺራ ኣላ። ብክቡር ኩሉ ዓይነት መሪር መስዋእቲ፣ ሕሱም ስቃይ ስደት፣ ዛራ ንብዓት ጠዋሪ ዝሰኣኑ ወለድን ኣባዲ ዝተሓረሙ ዝኸታማት ህጻናትን ዝተገዝመት ኤርትራ፡ ህዝባ ብድሕሪ ናጽነት ዝዓጸዶ ኩሉ ዓይነት ሓሳረ መከራ ጸብጽብካ ነይውዳእ። ሎም ዘበን ካብ ዝሓለፉ ዓመታት ኣዝዩ ዝበኣሰ'ዩ። ኣብ ሃገርና ኤርትራ፡ ተስፋ ምቁራጽ፣ ናብራ ሕምስማሶ፣ ምብትታን ስድራ ቤታት፣ ምልኳት ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ፣ ንኑጹሃት ዜጋታት ምቕፋድን ምስዋርን ዘግልህ ንኡሸቶ ጩራ ተስፋ ኣይረኣይን ኣሎ። እኳ ዳኣ ህዝቢ ኤርትራ ብቀትሪ ፖሊሲ ጽቕድቕ ጸልማት ተጎልቢቡ ኣሎ። ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላት፣ ዓፈና ሓርነታት ፖለቲካን እምነታትን እምቢዛ ዝኸፈአ ኩለ መዳያዊ ጭካነ ወሲኹ ይቕጽል ኣሎ። ብመስዋእቲ ደቁ ናጽነትን ልዑላውነትን ዘረጋገጸ ህዝቢ ኤርትራ፡ ካብ ውላድ ተጋድሎኡ ከምዚ ዝኣመሰል ዓመጸኛ ስርዓት ኣብ ዝባኑ ከጸዓኖን፡ ክድህኾን ምኻኑ ትጽቢቱ ኣይነበረን። ምኽንያቱ እቲ ዝሓለፈ ረዝን ህዝባዊ ተጋድሎ፡ ምእንቲ'ዚ ኣይነበረን። ብርግጽ ህዝቢ ኤርትራ ብዘይጥርጥር ብተጋድሎኡን ኩለንትናዊ መስዋእቲ ደቁን ዝሕበን'ዩ። ስለዝተቃለሰ ርእሱ ዘቅንዕ ኳዕናን'ዩ። ብሕሉፍን ህልውን ተጋድሎኡ ዝጠዓስ፣ ምሒር ዝማረንን ዝመሳከንን ኣይኮነን። ኣበኩሩ ረዝን ዋጋ ናጽነት ፈሊጡን ኣሚኑን ዝተቓለሰ ጽኑዕ ህዝቢ'ዩ።*

*ንመዋእል መግዛእቲ ኢትዮጵያ ዘይተጸዓደን ዘይተንበርከኸን ጽኑዕ ህዝቢ ኤርትራ፣ ሕጂ'ውን ኣብ ቅድሚኡ ዘሎ እንኮ ግድነታዊ ሕርያ፡ ቅልጽሙ ኣተሓባቢሩን መሳርዕ ተጋድሎኡ ብስጥመት ኣዋዲዱን ኣንጻር ገዛኢ ስርዓት ኢሰያስ ምልዕዓልን ምንዕዓብን ጥራይ'ዩ። ከም'ቲ ኣብ እዋን ናጽነታዊ ሃገራዊ ዝተናወሐ መሪር ነዊሕ ህዝባዊ ተጋድሎኡ፡ ሃገራዊ ናጽነት ምርግጋጽ ካብ ካልኦት ዘይደለዮ፡ ሕጂ'ውን እንተኾነ ዲሞክራስያዊ ለውጢ ንምርግጋጽ ምእንቲ ረብሓ ህላወኡ በዓሉ ሓርኑ ክቃለስ ይግባእ። ኣብ ኤርትራ ዕማም ዲሞክራስያዊ ለውጢ ምርግጋጽ፡ ናይ መላእ ህዝቢ ኤርትራን ብዘየፈላላይ ኩሉ ተቓለስቲ ሓይልታቱን'ዩ። ካብ ህዝቢ ኤርትራን ተቓለስቲ ደቁን ወጻኢ ንህዝቢ ኤርትራ ብሙሉእ ይኹን ብከፍል ዝትክእ፣ ወይን ዝውክል ብፍጹም የሎን።*

*ብዛዕባ ስርዓት ኢሰያስ ዝፍጽሞም ኩለንትናዊ ግህሰታትን ገበናትን ብዙሕ ጊዜ እንኪዘረበሉን እናሻዕ እንኪንቃልያን ጸኒሕና ኢና። ሎሚ ስርዓት ኢሳያስ ሕፍረቱ ዝሽፍነሉ ጭራም ጉልባብ የብሉን። ነውሪታቱ ኩሉ ንደገ ተቓልዑ'ዩ።*

*ስለ'ዚ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ካብ ዝኾነ ዝሓለፈ ጊዜ ብዝኸፈአ ኣብ ሓቀኛ ፈታኒ ሓደገኛ ዓዘቕቲ ከፉፍልካ ግዛእ ተረግርጉ ምህላዉ ምፍላጥ የድሊ። ብግሉጽ ኣዘራርባ፡ ህልው ቁልጡፍ ምንቁልቛልን ንድየትን ስርዓት ኢሳያስ፡ ኣብ ልዕሊ ህላወ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ዝተንጠልጠለ ደወል መጠንቐቕታ ይሃርም ኣሎ።*

*ናይ ዲሞክራስያዊ ለውጢ ዕላማ ዘሎዎም ውዱባት ኤርትራዊ ሓይልታት (ፖለቲካዊ ውድባት፣ ሰልፍታት፣ ምንቅስቓሳት፣ ዝተፈላለዩ ማሕበራትን ምትእስሳራትን) እንተላይ በብውልቀ ሃገራዊ እጃምም ንምብርካት ድሉዋት ዝኾኑ ሃገራውያን፡ ህላወ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ንምውሓስ ምእንቲ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ይኹን ኣብ ድያስፖራ፡ ሓደ ነቲ ካልእ እንኪይ ነፊገ፣ ወይ'ውን እንከየነኣኣሰ፣ ኩሉ ኣብ መስርሕ ቃልሲ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ብስሙር ምውሓዝ፡ ሎሚ ዝያዳ ዕዙዝ ተደላይነትን ግድነትን ኣሎዎ። ካብ ምጭርራምን ምምቕቓልን እንትርፎ፡ ንዋታውን ንያውታን ገድላዊ ዓቕምታት ምብኻ፣ ምራል ተጋዳላይ ህዝቢ ካብ ምጕዳእን ንግዳማዊ ኢድ ኣእታውነትን ጥጡሕ ባብ ካብ ምርሓውን ዘትረፍናዮ መኽሰባት ሓድነት የብልናን።*

*ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ነዚ ህልው ኣሰካፊ ምምቕቓል ሓይልታት ተቓውሞ፡ ናብ ስሙር መስርዕ ቃልሲ ንምምላሱ ምቅላስ፡ ንጽባሕ ይጽነሓላይ ዝባሃል ዘይኮነነስ፡ ምውዳቅ ገዛኢ ህልው ስርዓት ኣስመራ ንምቅልጣፍን፡ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ካብ ሓደገኛ ሕንፍሽፍሽ ዘድሕን ዝተኣማምን ሰላማዊ ዲሞክራስያዊ እምነ-መሰረት ብኣጋኡ ንምንባርን፡ ብዘይወዓል ሕደር ህጹጹ ቀንዲ ቀዳምነታዊ ዕማም ምኻኑ ብምእማን፡ ሕጂ'ውን ምስ ኩሉ ተቓውሞ ሓይልታት ኤርትራ ብሓባር ንምቅላስ ዘሎዉ ዕቱብ ድልውነቱ ደጊሙ የረጋግጽ።*

*ኣዳላዊ ኣካል መጽሔት*

# *ቃል ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ብኣጋጣሚ መዓልቲ ናጽነት*

## *ምልኪ ከልግስ፣ ዲሞክራስን ፍትሕን ክነግስ ኣብ ውሽጥን ኣብ ወጻእን ዘሎ ህዝብና ሓቢሩ ይቃለስ !!*

*እዚ ሎሚ ንመበል 33 ዓመታት ህዝብና ዘብዕሎ ዘሎ ጽንብል ናጽነት፡ ብኽቡር ዋጋን፣ ብጽንዓትን ተወፋይነትን ደቂ ሃገር ዝተረጋገጸ ዓወት ኮይኑ፡ ልዑላዊነት ኤርትራ ዘዉሓሰ ዓቢ ሃገራዊ ኣጋጣሚ ብምኧኑ ንዘልኣለም ብኽብሪ እንዝክሮ መዓልቲ ኢዩ፡፡ በዚ ኣጋጣሚ'ዚ፡ ንኹሎም እቶም ነዚ ዓወት'ዚ ክዉን ንምግባር ክቡር ህይወቶም ዘበጀዉ ኤርትራውያን ሓርበኞታት፡ ክብርን መጎስን ይብጻሓዮም። ከም'ዉን ነቶም ገለ ካብ ኣካላቶም ዝኸፈሉ ውጉኣት ሓርነት፣ ገለ ካብኣቶም'ውን ጌና ብህወቶም ዘለዉ፡ 24 ግንቦት፡ ምስክርነት ናይ ጅግንነቶምን ተወፋይነቶምን እተንጸባርቕ ዕለት ከም ምኧና መጠን፡ ልዑል ክብርን ሓበነን ዝሓዘለ መጎስና ንገልጸሉ ታሪኻዊ ኣጋጣሚ ኢዩ።*

*ኤርትራ ሃገርና ብሳላ ጅግንነታዊ ቃልሲ ደቃ ናጽነታ ብምርግጋጻ ህዝባ ኣብ መሬቱ ፍትሕን ሰላምን ረኺቡ ክነብር ምተገበኣ፣ ኮይኑ ግን ኤርትራ ሓንቲ ካብተን ብፍትሒ ክትመሓደር ዘይተዓደለት ሃገር ኮይና፡ ህዝባ ኣብ ቀጻሊ ፍርሕን ራዕድን ይነብር ምህላዉ ዓለም ብምሉኡ ዝምስክሮ ሓቂ ኢዩ። ኣብዛ ክብርቲ ዕለት'ዚኣ፣ ሽሕ'ኳ ህዝቢ ኤርትራ ብሓጐስ ዝዝክራ ይኹን'ምበር፣ ሃገርና ኣብ ደልሃመት ተሸሚማ ምህላዋ ኩሉ ብሃገሩ ዝግደስ ዜጋ ክርዳእ ይግባእ።*

*ኣብዚ ዝሓለፈ 33 ዓመታት፣ ገባቲ ጉጅለ ህግደፍ፡ ግዝኣተ ሕግን መንግስታዊ ምምቕራሕ ስልጣንን ዘነጸረ፡ ብትካላት ትመሓደር ሃገር ንምምስራት ኣብ ክንዲ ዝጽዕር፡ ብኣንጻሩ ኤርትራ ሃገራና ኣብ ትሕቲ ፍጹም ቊጽጽር ትካላት ጸጥትኡ ከም ትነብር ገይርዋ ይርከብ። ንኽትነብር ፡ ህዝብናን ሃገርናን ብሓፈሻ፣ መንእሰያትን ሓድሽ ወለዶን ከኣ ብፍላይ ዝኸፍልዎ ዘለዉ ዋጋ፡ መዳርግቲ ዘይብሉ ሽግር ምኧኑ ዘየማትእ ሓቂ'ዩ።*

*ስርዓት ህግደፍ፡ ካብ ዕለተ ናጽነት ኣትሒዙ ክሳብ ሕጂ ብግዝያዉነት ዘመሓድር ዘሎ፣ ኣብ ዓለም ተራእዩን ተሰሚዑን ዘይፈልጥ ዘስደምም ጉዳይ'ዩ። ክሳብ መዓስ'ዩ ሃገርና ብኸም'ዚ ዘሎ ቅርጺን ኣገባብ ምሕደራን ክትቅጽል ንዝብል ሕቶ ብኹሎም ሕልና ዘለዎም ኤርትራውያን ዝለዓል ዘሎ ሕቶ ኢዩ። ገለን ብዓዉታ ገለን ከኣ ብስቕታን ዘልዕሎ ሕቶ፡ ህዝብና ኣብ ዉሽጢ ይሃሉ ኣብ ግዳም ብዘየገድስ፡ ብፍላይ ደገፍቲ ናይ'ቲ ስርዓት፡ ብልቦና ክሓስብሉን ነዚ ሕቶ ክምልስዎን ክቕበልዎን ሃገራዊ ግዴታን ሓላፍነትን ኣለዎም። ልዕሊ'ዚ ኩሉ'ዚ እውን ንኽብርን ምሳን ጀጋኑ ሰዉኣትና ኮይኑ ንሕድሪ ናቶም ንምትግባር ዝዓለመ ስለ ዝኾነ፡ ንስርዓት ህግዲፍ ይኣክል ንኽብልዎ ትብዓት ክዉንኑ ይግባእ።*

*ድሕሪ እቲ ኣብ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝተኻየደ ኣዕናዊ ዉግኣት፡ ካብኡ ዝነቕለ ዝተሓላለኸ ወጥርን፡ ማሕበራዉን ፖለቲካዉን ሓዘል ሕልኽልኻትን፥ ድሕሪ እቲ ስምምዕ ፕረቶሪያ ዝተራእየ ምቅይያር ምሕዝነታት፡ ንልዑላዉነት ሃገርና ኤርትራ ኣብ ምልክት ሕቶ ከእትዉ ዝፈታትኑ ኣካላት፣ ድምጾም ከቃልሑን እሾኽ ከዘርኡን ዝኸረሙ ክንዕዘብ ጸኒሕናን ኣለናን። ከም'ዉን ታሪኽ ጠምዚዞም ንገለ የዋሃት ኣብ ኤርትራዉነቶም ከጠራጥርዎም ዝህቕኑ ሸንኻት'ዉን ኣይተሳእኑን።*

*ህግደፍ፡ ኣብ'ዚ ዝሓለፈ 33 ዓመታት ናይ ሃገር ምሕደራ፡ ምስ ህዝቡ ናይ ምልዛብ ዘጥረዮ ባህልን ልምድን ዝዉንን ስርዓት ከምዘይኮነ ብተግባር ዝተረጋገጸ ሓቂ እዩ። ሃገርና ኤርትራ*

*በቲ ዝተዓደለቶ ስትራተጂካዊ ናይ መሬት ኣቐማምጣኣ፡ ተመኩሮ ናይ ኣርባዓታትን ሓምሳታትን ከይድገም፡ ህዝብና እንደገና ግዳይ ጂኦ-ስትራተጂ ረብሓታት ባዕዳውያን ንኸይትኸዉን፡ እቲ ኣብ ልዕሊ ሃገርና ክወርድ ዝኽእል ሓደጋ ኣቐዲምካ ግንዛበን ኣቓልቦን ዝሓትት ናይ ርሑቕ ጠመተ ክህልወና ይግባእ። ሃገርና ኣብ ሓደጋ ከይትወድቕ ንሉዑላዉነታን ሃገራዊ መንነታን ንምክልኻል ናይ ኩሉ ኣካላት ሕብረተሰብ ኤርትራን፣ ብፍላይ ድማ ናይ ደለይቲ ፍትሕን ተቓወምቲ ሓይልታትን ዘጠቓለለ ብምዃኑ፡ ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊ ዜጋ ነዚ ዕላማ'ዚ ብንቕሓት ክቃለሰሉ ሃገራዊ ሓላፍነቱ ምዃኑ ውድብና ግሃድኤ ብትሪ የዘኻኽር። እቲ ስርዓት፡ ነዚ መሰረታዊ ሓቂ ኣዋሲኑ፡ ስልጣኑ ንምንዋሕ፡ ነቲ መሰሉ ዝነፈጐ ህዝቢ ንምጥባር፡ ተሓላቒ ናይ ሃገራውነትን ልዑላውነትን መሲሉ ክረአ ይፍትን ኣሎ። እዚ መኣዝኑ ዝሰሓተ ፍሹል ፖለቲካ'ዩ ኢልካ ምግላጹ ፈጺሙ ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ኣይኮነን። ህዝቢ ኤርትራ መን'ዩ ፈታዊኡ፣ መንከ ጸላኢኡ ጽቡቕ ገይሩ ዝፈልጥ ምዃኑ ታሪኻዊ ተመኩሮኡ ዝምስክሮ ሓቂ'ዩ። ሎሚ ከም ትማሊ፣ ካብ ጎረባብትና ኣንጻር ሃገርና ዝለዓሉ ዘለዉ ወስታታት፡ ህዝብና ብሓፈሻ፣ ተቓወምትን ደለይቲ ፍትሕን ድማ ብፍላይ፣ ሽሕ እኳ ንስርዓት ህግደፍ ኣትሪሮም ይቃወሞም እንተኾኑ፡ ንመሬቱን ሉዑኣላውነት ሃገሩን ንባዕዳዳውያን ሓይልታት ኣሕሊፉ ዝህብ ህዝቢ ኣይኮነን። ኢደ ምትእትታዉ ወጊድና፡ ኣብ ሃገርና ንለዉጢ ዝካየድ ቃልሲ፡ ብኤርትራዊ ሓይልን ዓቕምን ዝፍጸም ሃገራዊ ዕማም ምዃኑ፡ ደጊምና መትከላትና ከነንጽር ንፈቱ።*

*ስርዓት ህግደፍ ካብ'ቲ ሒዝዎ ዘጸንሐ ግጉይ ኣመራርሓን መርሆን ዳግመ-ርእይቶ ገይሩ ሓድሽ ፖለቲካዊ መስርሕ፡ ንሃገርን ህዝብን ዘርብሕ ኣካይዳ ክእዉጅን፡ ኣብ ልዕሊ እታ ሃገር ክወርዱ ንዝኽእሉ ሓደጋታት ንምብዳህ፡ ናብ ስኒትን ዕርቅን ዘምርሕ ኣግላሊ ዘይኮነስ ኣካቢን ሓቛፍን መድረኽ ሃገራዊ ልዝብ ክጽውዕ ምተገበአ። እቲ እንኮ ንድሕነት ሃገር ከዉሕስ ዝኽእል ቅኑዕ ስትራተጂካዊ ምርጫ ከኣ እዚ ኣተሓሳስባ'ዚ ምስ ዝሰረጽ ጥራሕ ኢዩ። ካልእ ካብ'ዚ ዝተፈለየ ኣገባብ ኣካይዳ ግን ብጀካ ሽግራት ህዝብና ምንዋሕን፣ ልዑላውነትን ሓድነት መሬትን ህዝብን ኤርትራ ናብ ሓደጋ ምስጣሕን ካልእ ውጽኢት ክህልዎ ይኽእል ኢዩ ኢልካ ምሕሳብ ፈጺሙ ካብ ወድዓዊ ኣተሓሳስብ ኣዚዩ ዝረሓቐ ኢዩ።*

*ሕቶ ዶባትና ክሳብ ሎሚ፣ ብመሰረት ስምምዕ ኣልጀርስን ብይን ኣህጉራዊ ቤት ፍርድን ክትግበር ዘይምኽኣሉ፣ ብዓቢዩ ስርዓት ህግደፍ ዝሕተተሉ ጉዳይ ኮይኑ፡ ብዝዕባ'ዚ ንህዝቢ ኤርትራ ዝኾነ መግለጺ ከይሃበ ስቕ ምባሉ፡ ፖለቲካዊ ትርጉሙ እንታይ'ዩ ኢልካ ምሕታት ባህርያዊ ኢዩ? ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብዘይ ወዓል ሕደር ተሓንጺጹ፡ ዝምድና ክልቲኡ ጎረባብቲ ሃገራት ከኣ ክንጸርን ነፍሲ ወከፍ ሃገር ዶባት ብንጹር ክፈጥን ዝምልከቶም ኣህጉራውያን ኣካላት ተረአም ከጻወቱ ኣትሪርና ንምሕጽን።*

*ኤርትራ ሃገርና ካብ'ዚ ዘላቶ ደልሃመት ተገላጊላ፣ ብልጽግትን ሓብሓቢት ህዝባን ንኽትከውን፣ ብዲሞክራስን ብፍትሕን ሕግን ክትመሓደርን፣ ሓድነታ ዘዉሓሰት ሃገር ንኽትከዉን፡ ነዚ ዓማጺ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ንምእላይ፡ ተቓወምቲ ሓይልታት ብዕቱብ ክቃለሱን፣ ምስቶም ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘለዉ ሃገርውያን መላግቦ ክፈጥሩን፣ ዝተዓጻጸፈ ጻዕሪ ከካይዱ መድረኽ ይሓቶም ኣሎ።*

*ክብርን ዝኽርን ንስዉኣትና !!*
*ኤርትራ ሃገርና ንዘልኣለም ከቢራ ትንበር !!*
*ራህዋን ስኒትን ንህዝብና !!*

*ፈጻሚ ኣካል*
*ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ*
*24/05/2024*

# መድረኽ “ዘተ ንሓባራዊ ንቕሓት”
# ንሓላፊ ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ግሃድኤ ኣጋይሹ

ሓው ሳልሕ ሰዓድ ኣባል ፈጻሚ ኣካልን ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፡ ብ “ዘተ




ንሓባራዊ ንቕሓት” ብዘቕረበሉ ዕድመ መሰረት ብምግባር፡ ብመሳለጥያታት ዙምን ፌስቡክን ኣቢሉ፡ ዕለት 5 ሰነ 2024 ዓ/ም/ ብዛዕባ ውጽኢት ራብዓይ ጉባኤ ግሃድኤ ሰፍሕ መብርሂ ኣቕረበ። ኣብ መጀመርታ መሪሕነት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ርእይቶታቱ ንምግላጽ፡ እዚ መድረኽ’ዚ ብምርካቡ ዝተሰምዖ ረዝን ሓጎስ ገለጸ። ንኣካየድቲ “ቤት ዘተ ንሓባራዊ ንቕሓት” ን፡ መላእ ተሳተፍትን’ውን ኣመስገነ። ሃገራዊ ናጽነት ኤርትራ ውጽኢት ዝተናወሐን መሪርን ተጋድሎ ህዝቢ ኤርትራ ከም ምዃኑ መጠን፡ ብኣጋጣሚ መበለ 32 ዓመተ ናጽነት፡ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ ዮሃና ኣቕረበ። ድሕሪ ባይታኡን ኣበኩሩ ኣብ ሃገራዊ ዕዮ ከም እተሳተፈን ድሕሪ ምግላጽ፡ ብዛዕባ ምስንዳእ መሰርሕ ራብዓይ ጉባኤ፡ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ኣብ ሎጅስቲካዊ ቀረብ፣ ኣብ መረጻ ተወከልቲ ጉባኤን ሰነዳት ምድላውን መዳያት ዘካየደቶ ጽዑቕ ምድላዋት ኣብረሀ። ሓው ሳልሕ ሳዓድ ቐጺሉ ድማ፡ መስርሕ ጉባኤ ካብ ስነ-ስርዓት መኽፈቲ ጉባኤ፣ ምልኣተ ሕጊ ምርግጋጽ፣ ቃል ኣሰናዳኢት ሽማግለ፣ ቃል ኣቦመንበር ማእከላይ ባይቶ፣ ቃል ኣቦመንበር ፈጻሚ ኣካል ብቀደም ተኸተል ብምቕራብ፡ ዉዕሎታት ጉባኤ ከመይ ከም ዝነበረ’ውን ገለጸ። ውጽኢታት ጉባኤ ብጽሟቕ ብከምዚ ዝስዕብ ኣቕረበ፥

1. ጉባኤ፥ ሽሕ’ኳ ደምበ ተቓውሞ ኤርትራ ሓያል ብድሆ ይገጥሞ እንተሃሎወ፡ መሪሕነትን መሰረታትን ግሃድኤ ኣብ በበይኑ ከባቢታት ብዘርኣይዎ ጽንዓትን ቆራጽነትን ኣሞጒሱ።
2. ግደ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ኤርትራዊ ኩለ መዳያዊ ግድላዊ ዓውዲታት ንምዕዛዝ፡ ኣብ ዝሓለፈ እዋን ከም ነጥበ ስንከፍና ዝተረኣዩ ሕጽረታት ኣለሊዩ ፍታሓቱ ኣቀመጠ።
3. ኣብ ሓፋሽ ህዝቢ ብምቕራብ፡ መትከላትን ሃገራዊ መርገጺታትን ውድብ ብሰፍሑ ምግላጽ።
4. ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ፡ እንተላይ ንኤርትራዊ ተቓውሞ ሓይልታት ዝጥርንፉ ጽላላት ንምዕዛዝ ምዕያይ። ግሃድኤ ኣካሉ ዝኾነ ልፍንቲ’ውን ዝተመስረተሉም ዕላማ ናብ መዕለብኡ ንምብጻሕ ምዕያይ።
5. ምስ ተቓውሞ ሓይልታት ኤርትራ ብምዝታይን ምድግጋፍን፡ ኣብ ኤርትራ ዲሞክራስያዊ ለውጢ ዘረጋግጽ ዝሓሸ ኣገባብ ምንዳይ።
6. ውድብና ኣብ ልዕሊ ኣብ ዲያስፖራ ዝርከባ ኤርትርዊ ስቪላዊ ምንቅስቓሳት ዝህልዎ መርገጺ፡ መርገጺታተን ምስ ሃገራዊ መትከላት ዝቃዶ እንተኾይኑ፡ ከምኡ’ውን ካብ ጥርጡር ምሕዝነታት ዝረሓቃ እንተ ኾይነን፡ ውድብና ምስኣተን ብሓባር ንምስራሕ ቅሩብ’ዩ።
7. ምስ ኩለን ጎረባብቲ ሃገራት ጥዑይ ጉርብትና ምስፋን። ናይ ሓድሕድ ሃገራዊ ልዑላውነት ምኽባርን፡ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ካልኦት ጣልቃ ዘይምእታውን።
8. ጉብኤ፡ ኣብ ሱዳን ዘካየድ ዘሎ ውግእ ሕድሕድ ብኣንኩሮ ብምርኣይ፡ በዚ መሰረት፡ ቅድም ቀዳድም ኩሎም ተዋጋእቲ ሸነኻት ውግእ ጠጠው ክብሉን፡ ብኡ ንብኡ ድማ ኩሎም ዝምልከቶም ሓይልታት ሱዳን ሽግራት ሱዳን ብሰላማዊ ኣገባብ ንምፍታሕ ኣብ ዙርያ ጠረጴዛ ክዛተዩን ደጊሙ ጸወዐ።
9. ጉባኤ፡ ኩነታት ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ ተመልከቱ። ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ ካብ’ቲ ኣብ ረብሓታት ግርጭታት ሓያላን ሃገራት ዘትከለ ግጭታት ርእሰን ከርሕቃ ኣድላዪ ምዃኑ ርእየ። እዚ ናይ ሓያላን ሃገራት ህልው ግጭታት’ዚ፡ ንዓለም ናብ ዝኸፈአ ኩነታት ዝድቕድቕን ሰብኣዊ ቅልውላዋት እምቢዛ ዘዐምቑን ምዃኑ ኣረጋግጸ። ሓው ሳልሕ ሰዓድ ከም እብነት፡ ናይ ሩስያን ኡክሬንን ኩናትን፡ ኩናት እስራኤል ኣብ ልዕሊ ቓዛ፡ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ፈለስጤንን ዘውርዶ ዘሎ ህልቅትን ጠቀሰ። ሰላማዊ ሰልፍታት ደለይቲ ፍትሒ ህዝቢታት ዓለምን፡ ሽሕ’ኳ ተፈጻምነት ኣየሃሉዎም’ምበር፡ ኣህጉራዊ መጋብእያታት ዝውሰኑዎ ውሳኔታትን እንተ ዘይንርኣይ ኔርናሲ፡ ዓለም ሓያል ንድኹም ኣብ ዝጥሕረሉን ሰብኣዊ ሕልና ኣብ

ዘጠፈእሉን፡ ኣራዊት ናብ ዝነብሩላ መሮር ተለዊጣ ምብልና ኔርና።

ሓው ሳልሕ ሳዓድ፡ ኣብ መወዳእታ መደረኡ፡ ናይ ሕቶን ምይጥን ዕድል ከፈተ። ብዙሕ ሕቶታት ተላዕሎም። ከም ኣብነት ናይ ውድብ ስትራተጂ እንታይ'ዩ? ልፍንቲ ንኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ የዳኺም ዶ? ወይ'ውን የሐይሉ? ሓው ሳልሕ ሳዓድ፥ ስትራጂ ውድብና ህልው ዲክታቶርያዊ ስርዓት ምውዳቅ፣ ኣምሳያኡ ሓርነታትን ልዕልነት ሕጊን ዝቅበልን ብልጽግና ዜጋታት ዘረጋግጽን ዲሞክራስያዊ ስርዓት ምትካል ምዃኑ ብግልጺ መለሰ። ብእምነት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ እዚ ዕላማ'ዚ፡ ብስሙር ቅልጽም ሃገራዊ ሓይልታት ኤርትራ ዘረጋገጽ ምዃኑ፡ ግሃድኤ ብተደጋጋሚ ከግለጾ ዝጸነሐ ምዃኑ'ውን ኣረጋግጹ። ብተወሳኺ፡ ኣብ ፖለቲካዊ ፕሮግራምን መርገጺታትን ዝመሳሰላ ውድባት እንተ ሰምረን፣ ወይ'ውን ሃገራዊ ባይቶ ንኩሉ ሃገራዊ ሓይልታት ብዘሓቝፍ ኣገባብ እንተ ሰፊሑን፡ ንዓቅምታት ደምበ ተቓውሞ ዝጥርንፍን ዘሐይልን ምዃኑ ኣረጋግጹ። ከምኡ'ውን ንመደባት ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ዘገልግል ምዃኑ ኣብርሁ። ውሳኔታት ጉባኤናን ማእከላይ ባይቶናን፡ ነዚ ስርሒት'ዚ ዝግድፍን ዝተባብዕን'ዩ በለ።

ሓው ሳልሕ ሳዓድ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ግሃድኤ፡ ብዛዕባ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ዝረአ ዘሎ ንጥፈታት ውድባት መንእሰያት ዝምልከት ሕቶ እንክምልሽ እንክሎ ካኣ፡ መንእሰያት ናብ ኤርትራዊ ሃገራዊ ዕዮ ንምስታፍን ምዝማድን፡ ብውድብና ይኹን፣ ብካልኦት ሃገራዊ ሓይልታት እናሻዕ ክቀርብ ዝጸነሐ ሃገራዊ ምሕጽንታታት ዝመልሹ ከም ምዃኖም መጠን፡ ብውድብና ዝሞጉስን ዝተባባዕን'ዩ። መንእሰያት ኣብ ዲያስፖራ ብሕጊ ዝተፈቀደሎም ሰላማዊ ሰልፊ ኣብ ዘካይዱሉ ጊዜ፡ ናይ'ተን ዝርከቡለን ሃገራት ገዛኢ ሕጊ ብምኽባር፡ ብዝኾነ ይኹን ምኽንያት ካብ ዝኾነ መልክዓት ዓመጻዊ ኣገባብን ሕግታት ምጥሓስን ብምርሓቅ፡ ስልጡን ሰላማዊ ምንቅስቓሳት ከዘውትሩ ከም ዝግባእ ኣትሪሩ ተማሕጸነ። ሰላማዊ ሰልፊ ዘፍቅድን ዝሰርዕን ሕግታት ምጥሓስ፡ ብቀዳምነት ኣብ ልዕሊ'ቶም ሰልፈኛታትን ከይዱ- ከይዱ ድማ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራን ሃገራዊ ሓይልታቱን፡ ኣሉታዊ ጽልዋታትን መንጸብራቕን ከም ዝህልዎ ዝስሓት ኣይኮነን። ካብ'ዚኣቶም ገለ ወገናት ዘልዕሉዎ ጭርሖታት፡ ከም "ትግራይ ትስዕር" ፣ ወይ ምስ "ትግራይ-ትግርኚ" ዝተኣሳሰሩ፣ ወይ'ውን ካልኦት ንሃገራዊ ተጋድሎ ህዝቢ ኤርትራ ዘናሽዉ፣ ኣብ ልዕሊ ሓድነት ህዝቢናን ልዑላውነት ሃገርናን ከቢድ ሓደጋ ዘንጸላልዉ ከም ምዃኖም መጠን፡ ብውድብና ዝድገፍ ኣይኮነን። ከምኡ'ውን ትግራይ ትስዕር እንታይ ማለት'ዩ!!? ኣብ ልዕሊ መን እትዕወት? እዚ ጭርሖ'ዚ ናይ ህዝቢ ትግራይ ጭርሖ ኮይኑ፡ ኣብ ውሽጢ ትግራይ ዝተሓጸረን፡ ምስ ውሽጣዊ ኢትዮጵያዊ ጉዳያት ዝተኣሳሰርን እንተኾይኑ፡ ከም ናይ ኢትዮጵያውያን ውሽጣዊ ጉዳይ መጠን፡ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያቶም እድና ኣይነእትውን። ናይ ዝኾነ ግዳማዊ ሓይሊ እድ ኣእታውነት'ውን ኣይንድግፍን። ካብ'ዚ መተከል'ዚ ብምብጋስ ኢና'ኮ፡ ናይ ስርዓት ኤርትራ ቐጥታዊ እድ ኣእታውነት ክንኩንንን ዝጸናሕና!! ። እኳ ዳኣ ሰላማዊ ፍታሕ ንምንዳይ እናሻዕ እንኪንጽዊዕ ዝጸናሕና ኢና። ካብ ቀጽሪ ኢትዮጵያ ወጺኡ ናብ ኤርትራ ዘነጻጸረ እንተኾይኑ ግን፡ ወይ'ውን ኤርትራዊ ተቓዋሚ ሓይሊ ከንሱ፡ ጸረ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኤርትራ ዘንቀዶ ቃልሱ ብዝኾነ ይኹን መልክዕ ኣወንዚፉ፡ ዓውደ ተጋድሎኡ ገዲፉ፡ ትግራይ ትስዕር እናበለ ብቐጥታ ኣብ ጎኒ መስርዕ ትግራይ ኣንጻር ካልእ ኢትዮጵያዊ ሓይሊ ተሰሊፉ ዘልዕሎ ጭርሖ እንተኾይኑ፡ ከም ቐጥታዊ ኢድ ኣእታውነት ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ኢትዮጵያ ከም ምዃኑ መጠን፡ እንድግፎ ኣይኮነን። በዚ መሰረት፡ ብንጹር ኣዘራርባ፡ ስርዓት ኤርትራ ይኹን፡ ወይ'ውን ኤርትራዊ ተቓዋሚ ሓይሊ፡ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያ ካልኦት ቐጥታዊ እድ ኣእታውነት ኣይንድግፍን። ብእምነትና ትግራይ ዘይከፋፈል ኣካል ኢትዮጵያ'ያ። ህዝቢታት ኢትዮጵያ ዝኾነ ይኹን ዓይነት ጉዳያቶም ብዘተ ኣቢሎም ሰላማዊ ፍታሓት እንኪናድዩን ሰላምን ምርግጋእን ዝሰፈና ኢትዮጵያ ብሓባር እንኪሃንጹ'ዩ ድልየትና።

ሓው ሳልሕ ሳዓድ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ዜና ግሃድኤ ኣብ መወዳእታ፡ ነዚ መድረኽ'ዚ ዘፍቀዱሉን ዘመሓደሩን ቤት ዘተ ንሓባራዊ ንቕሓትን፡ ኩሎም ብመሰለጥያታት "ዙም" ን "ፌስቡክ" ን ኣቢሎም ንዝተኸታተሉን ኣመስገነ። ከምኡ'ውን ምምሕዳር ቤት ዘተ ንሓባራዊ ንቕሓትን ኩሎም ተሳተፍትን፡ ነዚ መሳጢ ኣቀራርባን ግልጺ ራእይን ኣመጉሶምን፡ ንግንባር ሃገራዊ ድሕነት ሰናይ ኣሳልጦታት ተመኒዮምሉን።




# ኣብ ራብዓይ ውድባዊ ጉባኤ ግሃድኤ ካብ ዝቐረበ ፖለቲካዊ ጸብጻብ

## (ካልኣይ ክፋል)

*ዞባዊ ግርጭታት ብመንጽር ሃገራዊ ጥቕሚ ኤርትራ።*

*ኤርትራ ሃገርና፡ ብጂኦግራፊካዊ ኣቐማምጣኣ ዝተዓደለቶ ጸጋ፡ ኣካል ናይ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዝኾነት ሃገር እያ። ኣብ ኢትዮጵያ/ሱዳን/ሶማልን፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ በብመድረኹ ዝተራእዩ ግርጭታት፡ ነቲ ምሉእ ዞና ኣብ ቀጻሊ ቅሉዉላዉ ተሸሚሙ ንኸነብር ዝገበሩ፡ ብኣሉታዊ ረቛሒታት ዝተሰነዩ ምዕባሌታት ምዃኖም ብዙሕ ትንተና ዘድልዮ ጉዳይ ኣይኮነን። ስለ ዝኾነ ከኣ፥ ኣብ ጎረባብትና ዝፍጠሩ ተጻብኦታት፡ ኣብ ሃገርናን ህዝብናን፡ ኣብ ማሕበራዊ ቁጠባዊ ፖለቲካዊ መዳያት፡ ንሳቶም ዘሕድርዎ ኣሉታዊ ጽልዋታት እና ኣንጸባረቑ ምጽናሖም ኣብ ባይታ ዘሎ ዘይከሓድ ጭብጢ እዩ። ብፍላይ ድማ እቶም ኣብ ኢትዮጵያን ሱዳንን ተኸሲቶም ንዘለዉ ሓደገኛ ምዕባሌታት፡ ብግቡእ ገምጊምና፡ ብመንጽር ሃገራዊ ጥቕምናን ሓድነት ህዝብናን ዘገልግል መርገጽን ናብ ጎደና ሰላም ዘምርሕን ዞባዊ ምርግጋእ ዘተባብዕን ኣተሓሳስባን ከነማዕብል፡ ዉድብና፡ ነዚ ስትራተጂካዊ እምነት'ዚ ክዉን ንምግባር ወትሩ ኪቃለስን ክጽዕርን ምዃኑ በዚ ኣጋጣሚ ደጊምና፡ እነረጋግጾ እምነትን መርገጽ'ዩ።*

*ኢትዮጵያ፡*

*ነዊሕ ንድሕሪት ከይተመለስና ታሪኽ ዝምድና (ኤርትራን ኢትዮጵያን) ናይ'ዘን ክልተ ሃገራት፡ ኣዝዩ ሓርፋፍ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ኣብ ሓይልን ዓመጽን ናይ ገዛእን ተገዛእን ጠባይ ዝሓዘ ዘይፍትሓዊ ንነዊሕ ዘመናት ንህዝብና ዘሳቐየን ዘድመየን ፡ መዛግብቲ ታሪሕ ዝምስክሮ ሓቂ እዩ። ኣብ ኣርበዓታት እንተኾነ'ውን ንግሥነት ሃጸይ ኃይለ ሥላሴ ብዉዲት ምስ ዓባይ ብሪጣንያን ኣመሪካን፡ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ዘዉዲ ንግሥነት ኢትዮጵያ ብፈደረሽን ከምትቖረን ተገይሩ። ሕጂ እንተኾነ'ዉን ድሕሪ ነጻነት ኤርትራ፡ ወግሐ ጸብሐ እቲ ብጅግንነት ዘረጋገጽናዮ ሃገራዊ ነጻነትና ከምዘይተዋሕጠሎም ንዕዘብን ንምልከትን። ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ስግኣት ኤርትራ ሕጂ እንተኾነ'ዉን (ካብ ሱዳን/ሶማል/ጂቡቲ ዘይኮነስ) ወትሩ ካብ ኢትዮጵያ ዝመጽእ ሓደጋን ናይ ጸጥታ ስግኣትን ምዃኑ፡ ጽቡቕ ገርና ክነስተዉዕል ይግባእ። ኤርትራ ካብ'ዚ ስግኣት ክትገላገል እንተኾይና፡ እቶም ክልተ መንግስታት፡ ንልኡላውነተን ዘይትንከፍ፡ ንጹር ካእባዊ ስምምዓት ኣጠቓቕማ ወደባት ዘፍቕድን፡ ቁጠባዊ ረብሓታት ዘውሕስን ኮይኑ፡*

ብዲፕሎማስያዊ ኣቀራርባ ፍታሕ ክናድዩ ይግባ።

እቲ ኣብ መንጐ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይን ፈደራል መንግስቲ ኢትዮጵያን ዝተኻየደ ዉግእ፡ ሰጋብ ክንደይ ንኤርትራ ዝለከመ ምንባሩ ዝከሓድ ሓቂ ኣይኮነን። ኣሻሓት መንእሰያት ኤርትራ ኣብ ዘይምልከቶም ዉግእ ዝጠፍኡ፡ ስርዓት ኤርትራ ዝሰከሞ ገበን ኮይኑ፡ እቲ ስርዓት ኣብ ዘይምልከቶ ጉዳይ ኢደ-ምትእትታዉ ምግባሩ፡ ኣብ እዋኑ ብዉድብና ዝተኾነነ ምንባሩ ዝዝከር'ዩ። ዝምድና ኢሳያስን ኣብይን ኣብ'ቲ እዋን'ቲ (ዝምድና ክልተ ጐራሓት ሓሙኹሽቲ ዝስንቆም እልና ዝሰመናዮ) ነዊሕ ዕድመ ዘለዎ ዝምድና ከምዘይኮነ ከኣ፡ ኣንግሀና ኣተንቢሀና ምንባርና ዝዝከር'ዩ። ድሕሪ ናይ ፕሪቶርያ ስምምዕ ከኣ እቲ ዝምድና ናይ ኢሳያስን ኣብይን ኣብ ምግትታር ድሕሪ ምእታዉ፡ ናብ ምፍራስ ገጹ ኣምርሑ። ስምምዕ ፕሪቶርያ ንህወሓት ንምድሓን ብጸቕጠት ናይ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን ሃገራት ምዕራብን ዝተበጽሐ ምዃኑ፡ ኢሳያስን ሓይልታት ፋኖን (ዉግእ ክቕጽል ኣለዎ ዝብል መርገጽ ሒዞም) ነቲ ናይ ሰላም ስምምዕ ስለ ዘይተቐበልዎ፡ በዚ ምኽንያት ምስ ፈደራል መንግስቲ ኣብ ጎንጺ ይርከቡ።

**ውሽጣዊ ኩነታት ኢትዮጵያ ድሕሪ ስምምዕ ፕሪቶርያ፡**

እቲ ኣብ መንጎ (ኢሳያስን-እብይ ኣሕመድን) ናብ ሓርፋፍ ዝምድና ዝተለወጠሉ ቀንዲ ምኽንያት፡ ፈደራላዊ መንግስቲ ካብ መቀለ ምውጻኡን፣ ዉጽኢት ስምምዕ ፕረቶሪያን ምንባሩ ተገንዚብና። ድሕር'ዚ ስዕቡ ዝተራእየ ምዕብልናታት ከኣ፡ ምቅይያር ኪዳን (SHIFT OF ALLIANCE) ተራእዩ፡ ንሱ ድማ፥ ፈደራል መንግስቲ ህወሓትን ብሓደ ወገን፣ በቲ ካልእ ሸነኽ ድማ ኢሳያስን ኣምሓራን (ፋኖ)። እቲ ስምምዕ ከሳብ ሕጂ ዛጊት ምሉእ ብምሉእ ክትግበር ዘይምኽኣሉ፡ ኣብ ባይታ ብዘሎ ናይ ቅሉዉላዉ ምልክታትን ግርጭታትን ኣሰዒቡ ምህላዉ መላእ ዓለም ዝምስክሮ ናይ ሎሚ ክዉንነት'ዩ ክንብል የኽእለና። ኣብ ትግራይ፡ እቲ ፖለቲካዉን ቁጠባዉን ማሕበራዉን ኩነታት፡ ካብ ሕማቕ ናብ ዝበኣሰ ዘንቆልቁል ዘሎ፡ ህዝቢ ትግራይ ኣዝዩ ሕማቕ መናባብሮ የሕልፍ ምህላዉን፡ ንድሕነት ሕብረተሰብ ትግራይ ዝከላኸል ናይ ጸጥታ ትካል ካብ ስርሑ ቦኺሩ ኣብ ዘሎ እዋን፡ እቲ ህዝቢ ኣብ ኣደዳ ስርቅን ዓመጽን ሸፍትነትን ወዲቑ ይርከብ። ከም'ዉን ኣብ'ቲ ገጠራት ብጥምየት ዝረግፍ ዘሎ ህዝቢ ማእለያ ዘይብሉ ምዃኑ ኣቶ ገታቸዉ ረዳ ዘዉጸኦ መግለጺ ዘረጋግጾ ሓቂ ኢዩ። ነዚ ብዝምልከት'ውን ብናይ ረድኤት ማዕከናት ዝቃላሕ ዝርዝራት ዉሑድ ኣይኮነን። ኣብ ፖለቲካዊ መዳይ እንተኾይኑ ኣብ መንጎ ገዳይም ኣካላት ወያነ ኣብ ዘይምስምማዕን ፍልልያትን ይነብሩ ምህላዎም ከይኣክል፡ ወጻኢ ካብ ደምበ ህወሓት ዝኾና ሓደስቲ ሰልፍታት (ሰልፊ ነጻነት ትግራይ፣ ኣረና ትግራይ ንልኡላዉነትን ዲሞክራስን፣ ሳልሳይ ወያነ፣ ትግራይ ሃገራዊ ሽንጐን ቃል ኪዳን ሱር ነቀል ለዉጢ ከምዝመስረታ ብዕሊ ኣዊጀን። እዚ ከኣ ትግራይ፡ ኣብ ኣዝዩ ከቢድ ፖለቲካዉን ማሕበራዉን ቁጠባውን ቅሉዉላዉ ተሸሚማ ምህላዋ ዘመልክት እዩ።

ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን፡ ኣብ መንጎ ወያነን ህግደፍን ርኽክባት ይካየድ ምህላዉ ዝእምት ብዝተፈላለዩ ኣካላት ዝቃላሕ ዘሎ ጉዳይ ኢዩ። እዚ ጉዳይ'ዚ ምስ እቲ ፈደራል መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝከተሎ ዘሎ ናይ "ከፋፊልካ ግዛእ" ስልቲ፡ ወያነ እንተኾይኑ መዋጽኦ ክፍትሹ ግድነት ይኾኖም ይከዉን ካብ ዝብል ግምታት፡ ዝምድና ወያነንን ህግደፍን ናብ ንቡር እንተ ተመሊሱ'ኸ ዝብል ናይ ምናልባታት ሰናርዮ ኮይኑ፥ እቲ ዝሓለፈ ናይ ክልትኦም ልፍንተ መልክዑ ቀይሩ ዳግማይ ተመኩሮ ከይኮነና፡ ካብ

*ዘለና ስክፍታታት ተበጊስና፡ ብሸለልትነት ዝረአ ጉዳይ ከምዘይኮነ ከነስምረሉ ንፈቱ። እዚ ሓደ ካብ'ቶም ዘይተንተናዮም ብዙሕ ሰናርዮታት ኮይኑ፡ ቀጻሊ ምክትታል ዝሓትት ጉዳይ'ዩ።*

*እቲ ብኣብይ ኣሕመድ ዝምራሕ ዘሎ ፈደራል መንግስቲ እንተኾነ'ዉን ኣብ ዘይቅሱን ኩነታት ዝነብር ዘሎ መንግስቲ እዩ። ኣብይ ኣሕመድ፡ ኣንጻር ኣምሓራ (ፋኖ) ዘካይዶ ዘሎ ዉግእ፡ ከም'ዉን ምስ ኦሮሞን ካልኦት ብሄራትን ዘለዎ ምፍሕፋሕን፡ ስልጣኑ ንምንዋሕ፡ ኣብይ ኣሕመድ ዝኸተሎ ዘሎ ግጉይ ፖለቲካዊ ስልቲ፡ ከይዱ ከይዱ፡ ነታ ሃገር፡ ናብ ሓደጋን ምብትታንን ከየዉድቓ፡ ብዙሓት ተመራመርቲ ዘቃልሕዎ ስክፍታ እዩ። እቲ ኣብ መንጎ ብሄራት ዘሎ ምትፍናናት ከይኣክል፡ ኣብይ ኣሕመድ ስልጣኑ ንምድልዳል ፡ ነቲ ጥንታዊ ምስ ታሪኽ ዝተኣሳሰር ናይ ኦርቶዶክስ ቤተ ክርስትያን ሲኖዶስ፡ ነቲ ንሱ ዘለዎ መንፈሳዊ ጽልዋን ናይ ተፅዕኖ ዓቕምታትን ንምድኻም፡ ከም'ቲ ኣብ ትግራይ ቆይሙ ዘሎ ርእሱ ዝኸኣለ ሲኖዶስ (ዝተነጻለ) ፡ ብተመሳሳሊ መልክዕ ኣብ ኦሮሞ ርእሱ ዝኸኣለ ሲኖዶስ ከቑውም፡ እቲ ብፈደራል መንግስቲ ዝተኻየደ ፈተነ ንግዝይኡ ምፍሻሉ ፡ ኣብ መንጎ ፈደራል መንግስትን መንፈሳውያን መራሕቲ ኦርቶዶክ ቤት ክርስትያን ፡ሓርፋፍ ዝምድና ነጊሱ ምህላዉ፡ ነታ ሃገር ናብ ከቢድ ቅሉዉላዉ ከእትዋ ምኳኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ኩነታት ኢትዮጵያ ብሓፈሻ፡ ኣብ ዞና ቀርኒ ኣፍሪቃ ብፍላይ (ኣብ ኤርትራን ሱዳንን ሶማሊያን ጂቡትን ከንያን) ነዘን ዝተጠቕሳ ሃገራት ብሓፈሻ፡ ስክፍታ ዝፈጥረለን ኮይኑ፥ ከንዮዉ ዞናና ከይተረፈ፡ ነቲ ዞባዊ ጂኦ-ፖሊቲካዊ ክዉንነት ዝትንክፍ ምኳኑ'ዉን ከነስምረሉ ንፈቱ።*

***ኣብይ ኣሕመድ፡*** *ካብ'ቲ ዝገጥም ዘሎ ዉሽጣዊ ዓዘቕቲ ንምግልጋልን ዕድመ ስልጣኑ ንምንዋሕን፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ኣፍደገ ባሕሪ ክንውንን ይግበኣና ዝብል ብተደጋገመ ዘቃልሖ ዘሎ፡ ናይ ህወት ወይ ሞት ጉዳይ ስለ ዝኾነ፡ ኩሉ ጉዳያትና ኣወንዝፍና፡ ደቂ ትግራይ ኣምሓራን ኦሮሞን ካልኦት ብሄራትን ምእንቲ ሃገርና ኢትዮጵያ፡ ንተኣከብ ዘስምዕ ተልእኾ፡ ነዚ ንምዕዋት ከኣ፡ ፈደራል መንግስቲ ሰፊሕ ህዝባውን ፖለቲካውን ዲፕሎማስያዊን ወፈራታት ኣብ ምክያድ ጸሚዱ ምህላዉ ንግንዘብ። ኣብ ከባቢና ዘለዋን ብዙሓት ካልኦት መንግስታትን፡ ኣጠቓቕማ ወደብ/ባት፡ ኣብ ክሊ ዓለምለኸ ሕግታት ዘፍቕዶ ካዕባዊ ስምምዕ ዝፍታሕ ምኳኑ ከስምራሉ ጸኒሐንን ኣለዋን። ኣብይ ኣሕመድ ግን፡ ነዚ ምኽሪ ጸማም እዝኒ ሂቡ፡ ብድፍኢትን ደገፍን ናይ ገለ ዞባዊ መንግስትታትን ካልኦትን ኣብ'ቲ ዞና ዘይቅሱን ሃዋሁ ንምፍጣር ኣሉታዊ ተራ ዝጻዋታ ዘለዋ ሃገራትን፡ ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ፡ ሓደገኛ ዝኾነ ፖለቲካዊን ጸጥታዉን ንሕንሕ፡ ንኢትዮጵያ ናብ ዘይትወጾ ክኸዉን ዝኽእል ኩነታት ይደፋፍእኦ ስለ ዘለዋ፣ እቲ ወጥሪ ናብ ከቢድ ሓደጋ ንኺይሰጋገር ዓቢ ስግኣት ሰፊኑ ይርከብ። እዚ ከይኣክል፡ ፈደራል መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ'ዚ ቀረባ መዓልታት ምስ ሶማሊ ላንድ ዝገበሮ ስምምዕ፡ ብሕጋዉነቱ ኣዝዩ ዘከራኽር ጉዳይ ኮይኑ፡ ምስ'ቲ ሕጋዊ መንግስቲ ሶማል ኣብ ምግትታር ዘምረሐ ኣብ ርእሲ ምኳኑ፡ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ተነጽሎ ኢትዮጵያ እንዳዓበየ ይኸይድ ምህላዉን፡ እቲ ሓርፋፍ ዝምድናታታ ምስ ኤርትራን ሱዳንን ሶማልያን ከንያን ዝምስክሮ ክዉንነት፥ ቁጠባዊ ቅሉዉላዉ ዝተደመሮ ኮይኑ፡ ኢትዮጵያ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዝነበራ፡ ዞባዊ ዘየከራኽር ልሉይ ግደ፡ ሎሚ ኣብ ምልክት ሕቶ ወዲቑ ይርከብ።*

*(ኣብ ዝመጽእ ሕታምን ይቕጽል)*

# ውድባዊ ንጥፈታት

## ኣቦ መንበር ፈጻሚ ኣካል ምስ ምምሕዳር ፖለቲካውን ስርዒታውን ጉዳያት ቤ/ጽ ተራኺቡ፤

ፈጻሚ ኣካል ግሃድኤ፣ ምስ ምምሕዳራት ዝተፈላለዩ ኣብያተ ጽሕፈት ፈጻሚ ኣካል ኣኼባታት ንምክያድ ዝሓንጸጾ ውጥን ስራሕ መሰረት ብምግባር፡ ብጻይ ዶር. ዩሱፍ ብርሃኑ ኣቦ መንበር ፈጻሚ ኣካል ምስ ምምሕዳር ፖለቲካውን ስርዒታውን ጉዳያት ቤ/ጽ ብዕለት 02 ግንቦት 2024 ኣገዳሲ ኣኼባ ኣካይዱ። እቲ ኣኼባ ኣብቶም ኣገደስቲ ውሳኔታት ራብዓይ ጉባኤ ንስርርዕ ብዝምልከት መደብ-ዕዮ ብትግሃት ንኽትግበር፣ ትካላት መሰረታት ውድብና ብምሕያልን ተራ ነፍሲ ወከፍ ኣባል ኣብ ኩሉ ውደባዊ ንጥፈታት ኣብ ምዕዛዝን ዘተኮረ ነበረ። ኣቦ መንበር፡ ምምሕዳር ፖለቲካውን ስርርዓውን ጉዳያት ካብቲ ልሙድን ባህላውን ኣገባብ ስራሕ ክወጹን፡ ውሳነታት ራብዓይ ጉባኤን መድረኻዊ ውጥን ስራሕ ፈጻሚ ኣካልን ኣብ ምትግባር መሃዝነት ብዝመልአ ኣገባብ ጻዕርታት ክገብሩ ጸዊዑ። ኣብዚ መዳይ'ዚ ጽዑቕ ፖለቲካውን ህዝባውን ምልዕዓል ብምክያድ ሓደሽቲ ኣባላት ንምውዳብ፣ ብፍላይ ካብ መንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን፣ ኣብ መደባት ምምሕዳር ቀዳማይ ደረጃ ክሕዝ ይግባእ ክብል ገሊጹ። ብተወሳኺ ካብ ታሕተዎ ስርዒታዊ ኣካላት ውድብ ዝቀርብ ሕቶታት ይኹን ጠለባት፣ ብዘይ ወዓል ሕደር ግቡእ መልስን መእለያን ክገብረሉ ኣገዳሲ ምዃኑ፣ ኣቦ መንበር ብትሪ ኣመልኪቱ። ኣብ መደምደምታ፣ ገለ ካብ ኣባላት እቲ ምምሕዳር ዝለዓሉ ሕቶታት ምስተመለሱ፡ ከምዚ ዓይነት ኣኼባታት በብእዋኑ ክካየዱ ምዃኖም ብምርግጋጽ ኣኼባ ተዛዚሙ።

## ዞባ ሰሜን ኣመሪካ፤

ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ዞባ ሰሜን ኣመሪካ፡ "ንኤርትራን ህዝባን ካብ ምልካዊ ስርዓት ንምድሓን ኣብ ዝግበር ቃልሲ፣ ተራ ውዳብና ነሐይል" ኣብ ትሕቲ ዝብል ጭርሖ፡ ኣባላት ዞባ ኣብ ዝተረኽብሉን ኣብቲ ዞባ ዝነብሩ ኣባላት መሪሕነት ውድብ'ውን ዝተሳተፉ፣ ብ3 ግንቦት 2024 ዞባዊ ጉባኤኡ ብዓወት ኣሰላሲሉ። ቅድሚ'ዚ ጉባኤ፣ ንኣባላት ውድብ ብዛዕባ ውጽኢት ራብዓይ ጉባኤ ግሃድኤ ንምሕባር ዝተኻየደ ኣገዳሲ ኣኼባ ተኻይዱ ምንባሩ ዝዝከር ኢዩ። ጉባኤ ዞባ ሰሜን ኣመሪካ፣ ንዞባ ዝምልከት ምምሕዳራውን ፋይናንሳውን ጸብጻባት ብምዝታይ፡ ብሙሉእ ድምጺ ኣጽዲቑ። ጉባኤ ኣብ ሰሜን ኣመሪካ ህዝባዊ ስርርዕ ንምስፋሕ፡ ከምኡ'ውን ደረጃ ኣበርክቶ ዞባ ኣብ ምዕዋት ናይቲ ኣብ ራብዓይ ጉባኤ ዝጸደቐ መደባት ንምዕዛዝን ዝሕግዙ መደባት ኣመልኪቱ ዓሚቕ ዘተ ኣካይዱ። ጉባኤ ብተወሳኺ ንውሽጣዊ ኩነታት ሃገርና ብሓፈሻ፣ ኣብ መላእ ኤርትራ ኣናበኣሰ ዝኸይድ ዘሎ ኩነታት መነባብሮ ድማ ብፍላይ ብሰፊሑ ዘተኮረ ኮይኑ፡ ብሰንኪ'ቲ ንኣዋርሕ ዘጋጥም ዘሎ ቀጻሊ ምቁራጽ ማይ ኣብ ኣስመራን ካልኦት ከተማታትን ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ኣዝዩ ኣሰቃቒ ህይወት ከም ዝርከብ መዚኑ። ምስዚ ዝተኣሳሰረ፣ ብዛዕባ እንታይነት ናይቲ ኣብ ኤርትራ ዝገዝእ ዘሎ ምልካዊ ስርዓትን፡ ከምኡ'ውን ብሰንኪ'ቲ ኣብ ኀረባብቲ ሃገራት ዝካየድ ዘሎ ውግኣትን ወጥርን፣ ኣብ ሃገርና ከጋጥም ዝኽእል ሓደገኛ ተርእዮታት ኣመልኪቱ ብመሪሕነት ውድብ ዝቐረበ ዓሚቕ ፖለቲካዊ ንባብ ጉባኤኛታት ኣድናቖቶም ገሊጸም።

ኣብ መዛዘሚ ውዕሎ ጉባኤ ሓድሽ መሪሕነት ዞባ ብምምራጽ፡ ነቲ ቅድሚ ሕጂ ዝነበረ መሪሕነት ዞባ፡ ናይ ቃልሲ ግቡኡ ብውሕሉልን ተዋፋይነት ብምክያዱ ጉባኤኛታት ዕዙዝ ምስጋናን ኣድናቖቱን ገሊጾም።

## *ጨንፈር ሸወደን፤*

*ጨንፈር ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ኣብ ሸወደን፡ ውጽኢት ራብዓይ ጉባኤ ንኣባልቱ ንምሕባር ኣገዳሲ ኣኼባ ኣካይዱ፡ ኣብቲ ኣኼባ ኣብ ሸወደን ዝነብሩ ኣባላት መሪሕነት ውድብ ተሳቲፎም ምንባሮም'ውን ካብቲ ቦታ ዝበጽሓና ዜና ሓቢሩ። ኣደ መንበር ጨንፈርን ኣባል ሰክረታርያ ራብዓይ ጉባኤን፣ ከምኡ'ውን ንጨንፈር ወኪሎም ኣብቲ ጉባኤ ዝተሳተፉ ኣባላት ብዛዕባ ውጽኢት ጉባኤ ብዝርዝር ኣቕሪቦም። ራብዓይ ጉባኤ ብኹሉ መዐቀናታት ዕዉት ምንባሩ ብምብራህ፡ ተሳተፍቲ ኣኼባ ንውሳነታት'ቲ ጉባኤ ኣብ ግብሪ ንምውዓል ተደራራቢ ጻዕርታት ንምግባር ዘለዎም ድልውነት ኣረጋጊጾም።*

## *ጨንፈር ሆላንድ፤*

*ኣብ ሆላንድ ዝርከብ ጨንፈር ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ'ውን ብ1 ግንቦት 2024 ኣብ ሄግ ኣኼባ ብምካያድ፡ ብደረጃ ጨንፈርን ውድብን ዘትዩ። ወከልቲ ጨንፈር ኣብ ራብዓይ ጉባኤ፣ ውጽኢት ጉባኤን ዘመሓላለፎም ውሳነታትን ለበዋታትን ኣመልኪቶም ሰፊሕ መብርሂ ሂቦም። ኣባላት ጨንፈር ሃገራዊ ተራ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ኣብ ምሕያል ናይ ቃልሲ ግቡኦም ንምፍጻም ምሉእ ድልውነቶም ከም ዘረጋገጹ ካብቲ ዝበጽሓና ዜና ኣፍሊጡ። ኣኼባ ጨንፈር ሆላንድ ፡ ውጽኢት ናይቲ ሓለፍቲ ፋይናንስ ጨናፍር ዝተሳተፍዎ ብምምሕዳር ምጣነ ሃብታውን ማሕበራውን ጉዳያት ቤት ጽሕፈት ዝተማእከለ ኣኼባ ኣመልኪቱ ብምዝታይ፣ ብፈጻሚ ኣካል ውድብ ዝጸደቐ ሓድሽ ፋይናንሳዊ መምርሒታት መብርሂ ተዋሂቡ። እቲ ኣኼባ ኣብ ዝቐረበ ግዜ ጉባኤ ጨንፈር ብምክያድ ዳግመ ስርርዕ ከካየድ ከም ዝወሰነ እቲ ዝበጽሓና ዜና ብተወሳኺ ኣፍሊጡ።*




**ክቡራት ኣንበብቲ**

*ርእይቶኹምን ትዕዝብትኹምን በዚ ዝስዕብ ኢመይል ክትሰዱልና ንምሕጸን !!*

ensf.info@gmail.com